

# መዓስ እዮም ዝሓመሙ ቆልዑ ኣብ መውዓሊ ህጻናትን መባእታ ደረጃ ቤት ትምህርትን ከይከዱ ኣብ ገዛ ክኾኑ ዘለዎም?




## 1. ውላድካ ኣብዘን መውዳእታ 24 ሰዓታት ረስኒ፡ ሰዓል፡ ቃንዛ ጎሮሮ ወይ ምዕባስ ኣፍንጫ ኔርዎ'ዶ?



እቲ ቆልዓ ኣብ ገዛ ክኸውን ኣለዎ።

እንተድኣ እቲ ቆልዓ በርቲዕዎ ወይ'ውን ተሻቒልኩም ምስ ሓኪምኩም ወይ ህጹጽ ሕክምና/legevakt ተራኸቡ።


## 2. እቲ ቆልዓ ድሕሪ 48 ሰዓታት ጌና ሓሚሙ ኣሎ ድዩ?



**እወ**

እንተዘይሕሸዎ ናብ ሓኪምኩም ወይ ህጹጽ ሕክምና/legevakt ቴሌፎን ደውሉ።

ሓኪም እቲ ቆልዓ መርመራ ክገብር ኣሎዎ እንተኾይኑ ክውስን እዩ።




**ኣይፋሉን**

እቲ ቆልዓ ረስኒ እንተዘይብሉ፡ ምሉእ ጥዕና ኸኣ ተሰሚዕዎ ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ።

እቲ ቆልዓ መርመራ ናይ ኮቪድ-19 ምግባር ኣየድልዮን እዩ።


ዋላ'ኳ እቲ ቆልዓ ጌና ቁሩብ ይንፋጥ ኣሎ ወይ ላሕታት ድምጺ/ይስዕል ሃልዩ ንቤት ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ።

## 3. እቲ ቆልዓ መርመራ ኮቪድ-19 ክገብር ኣለዎ ድዩ?



**እወ**

ውጽኢት ናይቲ መርመራ ክሳብ ዝፍለጥ እቲ ቆልዓ ኣብ ገዛ ክኾውን ኣለዎ።




**ኣይፋሉን**

እቲ ቆልዓ ረስኒ እንተዘይብሉን ጥዕና ተሰሚዕዎን ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ።

ዋላ'ኳ እቲ ቆልዓ ጌና ቁሩብ ይንፋጥ ወይ ላሕታት ድምጺ/ቁሩብ ይስዕል ሃልዩ ንቤት ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ።


## 4. ውላድካ ኮቪድ-19 ኣለዎ ድዩ፧



**ኣይፋሉን**

እቲ ቆልዓ እንተድኣ ረስኒ ዘይብሉን ጥዕና ይስምዖ ሃልዩን ንቤት ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ።

ዋላ'ኳ እቲ ቆልዓ ጌና ቁሩብ ይንፋጥ ወይ ላሕታት ድምጺ/ቁሩብ ይስዕል ሃልዩ ንቤት ትምህርቲ ወይ መውዓሊ ህጻናት ክኸይድ ይኽእል እዩ።



**እወ**

እቲ ቆልዓ ኣብ ገዛ ክኾውን ኣለዎ።

ምምሕዳርኩም/ኮሙነኹም እታ ስድራ ቤት፡ እቲ ቆልዓ ክሳብ ሓሚሙ ዘሎ እዋን ኣየናይ መምርሒታት ክትክተል ከምዘለዎ ክንገረኩም እዩ።

## እንተድኣ እቲ ቆልዓ ይስዕል ሃልዩን እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ምልክታት ክኣ ሃልዮሞን ምስ ሓኪምኩም ወይ ህጹጽ ሕክምና / legevakt ተራኸቡ

- እቲ ቆልዓ እንድሕር ንቡር ንጥፈታትን ጸወታን ክገብር ሓቦ (ድሌት) ዘይብሉ ኮይኑ
- እንተድኣ እቲ ቆልዓ ረስኒ፡ ቃንዛ ኣብ ኣካላቱ ኣልይዎ፡ ሽውሃት መግቢ ዘይብሉ፡ ድኽምክም ይብል፡ ስግድግድ ወይ ጽርውርው ዘብሎ ሃልዩ።
- እቲ ቆልዓ ሕጽረት ትንፋስ ወይ ድማ ካብ ንቡር ንላዕሊ ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢሉ ዘተንፍስ ሃልዩ።
- ቆልዑ ኮነታቶም ከመይ ከም ዘለዉ ኩሉ ግዜ ክገልጹ ከምዘይኽእሉ ዘከር፡ ግና ቁሪምሪም፡ ቀጨውጨውን ጸርጸር ክብሉ ይኽእሉ እዮም።